جمعية خدمة المحتوى
الإسلامي باللغات

# እስልምና ናይ ኣላህ ጎይታ ዓለማት ዝኾነ ሃይማኖት ኢዩ።

ትግርኛ

تجريني

الإِسْلَامُ دِينُ رَبِّ العَالَمِينَ

ናይ ሳይንሳዊ ኮሚቴ
ኣብ ማሕበር ኣገልግሎት ናይ እስላማዊ ይዘት ብብዙሕ ቋንቋታት

# الإِسْلَامُ دِينُ رَبِّ العَالَمِينَ

# እስልምና ናይ ኣላህ ጎይታ ዓለማት ዝኾነ ሃይማኖት ኢዩ።

اللَّجْنَةُ العِلْمِيَّةُ
بِجَمْعِيَّةِ خِدْمَةِ المُحْتَوَى الإِسْلَامِيِّ بِاللُّغَاتِ

بِسْمِ اللهِ الرَّحمَنِ الرَّحِيمِ

# ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ሩህሩህን ኣዝዩ ራህራህን ዝኾነ ጽሑፈይ እጅምር

# እስልምና ናይ ኣላህ ጎይታ ዓለማት ዝኾነ ሃይማኖት ኢዩ።

## መን'ዩ ጎይታኻ?

እዚ እቲ ዝዓበየ ሕቶ ኣብ'ዛ ዓለም ዝሕተት ኮይኑ፡ከምኡ'ዉን ወዲ ሰብ ተሓቲቱ መልሱ ክፈልጦ ዝግበኦን ኣገዳሲ ሕቶ ኢዩ።

ጎይታና ዝበሃል፡እቲ ሰማይን መሬትን ዝፈጠረ፡ ከምኡ 'ውን ካብ ሰማይ ማይ ኣዉሪዱ በቲ ማይ ጌሩ ድማ ካብ መሬት ፍረታትን ኣግራብን ንደቂ ሰባትን ነተን ንሕና እንምገበን ጥሪትን ቀለብ ዝገበረልና ፈጣሪና ኢዩ። ንሱ እዩ ድማ ንዓናን ነቦታትናን ንኹሉ ነገርን ዝፈጠረ፡ ከምኡ 'ዉን ለይቲን መዓልቲን ዝፈጠረ ንሱ እዩ፡ ለይቲ ግዜ ድቃስን ዕረፍቲን፡ ቀትሪ ኸኣ ቀለብና እነናድየሉ ናይ ስራሕ ወቕቲ ጌሩልና። ኑሱ ኢዩ ድማ ጻሓይን ወርሕን ከዋኽብትን ባሕርን ብቀሊሉ ከምንጥቀመሉ ጌሩልና፡ነተን ስጋኣን እንበልዐን እንስሳታት ጻበኣንን ቆርበተንን ጸጉረንን (ሱፈንን) ንጥቀመሉ ዝገበረና።[1]

---

[1] ሱፍ ጸጉሪ ናይ በጊዕ ማለት ኢዩ

## እቲ መግለጺታት ናይ'ቲ ጎይታ ኩለን ዓለማት ዝኾነ እንታይ ኢዩ?

ረቢ ኳ እቲ ንፋጡራት ዝፈጠረን፡ ናብ ሓቅን ቁንዕን ዝመርሐ፡ ንሱ ኻኣ ዘድልዮም ንፋጡራቱ ኩሉ ነገር ዘማላኣሎም፡ ኑሱ እዩ 'ወን ዝቕልበምን፡ ወናኒ ናይ ኩሉ ንነብረላ ዘለና ዓለምን ናይ ድሕሪ ሞት ምጽኣተ ዓለምን ፡ ንሱ ንኹሉ ወናኒኡ ብጀክኡ ካኣ ኩሉ ብእኡ ዝውነን እዩ። ንሱ ድማ እቲ ህያው ንዘልኣለም ዘይመዉትን ዘይድቅስን፡ ከምኡውን ንሱ ን ኩሉ ኣካያዲ ኮይኑ ኩሉ ህይውት ዘለዎ ብትእዛዝ ናቱ ዝካየድ እዩ።ርህራሄኡ ንኹሉ ነገር ዝዓብለለ ኮይኑ፡ከምኡውን ንሱ እዩ እቲ ወልሓደ ነገር ዘይሕበኦ ኣብ ምድሪ ይኹን ኣብ ሰማይ። ንዕኡ ዝመስል'ዉን ወላሓደ የለን፡ንሱ ውን ኣዝዩ ሰማዒ ኣዝዩ ረኣዪ እዩ።ንሱ ዉን (ኣላህ)፣ኣብ ልዕሊ ሰማያቱ ሰፊሩ፡ወላሓደ ካብ ፍጡራቱ ዝጽበዮ ነገር ዘይብሉ ኮይኑ፡እኳ ደኣ ፍጡራቱ ካብኡ ዝጽበዩን ዝደልዩን እዮም። ንሱ ውን ኣብ ልዕሊ ፍጡራቱ ዘይሕወስ፡ከምኡ 'ዉን ወላሓደ ይኹን ካብ ፍጡራቱ ኣብ ነብሱ ዘይሕወሱን፡ ካብ ኩሉ ጎደሎ ንጹህ ዝኾነ ልዑል ጎይታ ኢዩ። ኣላህ እኮ ነዛ እንርእያን እነስተማቕራን ዘለና ዓለም፡ኩሉ ኣብኣ ዝርከብ ሱሩዕ ኣካይዳን ካብ'ቲ ስርዓቱ ወላሓደ ዝወጽእ ዘየለ፡ብዛዕባ ኣቃዉማ ኣካላት ወዲ ሰብን ካልኦት ህይወታዉያንን ይኹን፡ ወይ ስርዓተ ኣድማስ ኣብ ከባቢና ዝርከብ ምስ ጻሓይን ከዋኽብትን ኩሉ ዝተረፈ ኣካላት ናይ

ስርዓተ ኣድማስ ዘሎ ዝፈጠረ ኢዩ።

ብርግጽ ድማ፡ብዘይክኡ ዝኾነ ኣካል ዝምለኽ ንነብሱ ክጠቅምን ክጎድእን ዘይክእል ብኸመይ ጌሩ ነቶም ዝግዝእዎ ክጠቕሞምን ወይ ካብ ዱድኣት ከድሕኖም ይኽእል።

## እንታይ እዩ ግቡእ ናይ ረብና(ጐዮታና) ካባና ዝደልዮ?

ጉቡእ ናይ ኣላህ እምበኣር ኩሉ ወድ ሰብ ክገብሮ ዘለዎ፡ንዕኡ(ኣላህ) ንበይኑ ወላሓደ መሻርኽቲ ከይገበሩ ከምልኽዎ እዩ። ሰለዚ በጀካኡ ከምልኹ ኣይግባእን ወይ ምስኡ ሽርካ ክገብሩ ሰብ ይኹን እምኒ፡ሩባ ይኹን ዱሩቅ ነገራት ይኹን፡ ከዋኽብቲ ይኹን፡ ወላ ዝኾነ ይኹን ኣይግባእን። እንታይ ዳኣ ኣምልኸኦም ንጎይታ ኩለን ዓለማት ዝኾነ ንብሕትኡ ጥራይ ክገብርዎ ይግባእ።

## ጉይታ ክገብሮ ዘለዎ ግቡእ ናይ ደቂ ሰብ እንታይ ኢዩ?

እቲ ግቡእ ንኣላህ ዝገብሮ ንደቂ ሰባት፣ እንተዳኣ ኣምሊኸሞ ምቹእ ዝኾነ ህይወት፡ፍርሒ ዘይብሉ ኣማን፡ሰላምን ርግኣትን ሓጎስን ዝረኽቡላ ይህቦም። ኣብ ምጽኣተ ዓለም ድማ ጀና (ገነት) የእትዎም፡ ኣብኣ ድማ ዘይዉዳእ ሽሻይን ዘልኣለማዊ ዝኾነ ህይወት ይህቦም።እንተዳኣ ካብ ታእዛዙ ወጺኦም (እንተዘይ ተማእዚዞም) ግን ሕማቕን መከራን ዝኾነ ህይወት የንብሮም።ወላ ጽቡቕ ምቾት ህይወት ንነብር ኣለና ኢሎም

እንተሓሰቡ፡ኣብ ምጽኣተ ዓለም ድማ ናብ ሓዊ ገሃነም የእትዎም፡ካብ'ኣ ዘይወጹን ንመዋእል ነበርቲን ምኺኖም፡ኣብኡ ኸኣ ቀጻሊ ዘየቛርጽ ዝኾነ መቕጻዕቲ ኣለዎም።ንዘልኣለም ድማ ኣብኣ ክነብሩ ኢዮም።

## ዕላማ ናይ ህላዌና እንታይ እዩ ? ስለምንታይ ከ ተፈጢርና?

ብርግጽ ኣላህ ኣዝዩ ለጋሲ ዝኾነ ጎይታ ንሉዑል ቡሉጽ ዝኾነ ዕላማ ከም ዝፈጠረና ነጊሩና'ዩ፡ንሱ ኸኣ ንበይኑ ጌርና ክንግዝኦ ኢዩ።እዚ ማለት ኣላህ ሓደ ኮይኑ ወላ ሓደ መሻርኽቲ ከይንገብረሉ፡ንምድሪ ብ ሰናይን ጽገናንን ጌርና ክንዕምራ(ከነማዕብላ) ዕማም ሂቡና።ንጎይታኡን ንፈጣሪኡን ኣላህ ገዲፉ ንኻልእ ዝተገዘአ ንምንታይ ዕላማ ተባሂሉ ከም ዝተፈጠረ ኣይፈለጠን ኣሎ፡እቲ ንፈጣሪኡ ክገብሮ ዝግባእ ዕማም ኣይተግበረን፡ኣብ ምድረ-ዓለም ብልሽውና ዝገበረ ኸኣ ንምንታይ ጉዳይ ኢሉ ከምዝተፈጠረ ኣይፈለጠን ኣሎ ማለት'ዩ።

## ከመይ ጌርና ኢና ን(ጎይታና)ረብና እንግዝኦ?

ብርግጽ ረቢ _ዓቢ ዝኾነ ክብረቱ_ ፈጢሩ ኮንቶ ኣይገደፈናን፡ትርጉም ምንባርና'ዉን ጥቕሚ ዘይብሉ ኣይገበሮን፡እኳ ደኣ ልኡኻት ደቂ ሰባት ናብ ህዝቢታቶም ዘብጽሑ መሪጹ። ንሳቶም ድማ ኣብ ጠባዮም ምስጉናት ምሉእ ጎደሎ ዘይብሎም፡ ኣብ ነብሶም ንጹሃት፡ ኣብ ልቦም ጹሩያት ጌሩ ፈጢሩ፡ ናብኣቶም ተልእኾታቱ ኣዉሪዱ፡ ገለ

ካብ'ቲ ትሕዝቶ ተልእኾ ሒዞሞ ዝመጹ፡ሓደ ወድ ሰብ ንኽፈልጦ ግዴታ ዝኾኖ፡ብዛዕባ ረቢ _ዓቢ ዝኾነ ክብረቱ_፡ ከምኡ'ወን ብዛዕባ ደቂ ሰባት ካብ ቀብሮም ዝትስኡሉ መዓልቲን ንሱ ድማ ብመዓልቲ ጸብጻብን ክፍሊትን ተባሂሉ ዝፍለጥ እዩ። እቶም ሉኡኻት ኣላህ ንህዝቢታቶም ተልእኾኦም ኣብጺሖምሎም ኢዮም።ሒዞሞ ዝመጹ መልእኽቲ፣ ከመይ ጌሮም ን ኣላህ ከምዘምልኽዎን፡ ከምኡ'ዉን ዓይነታት ዒባዳ(ኣምልኾ)፡ጊዜታቱን ዓስብታቱን ኣብ (ኣዱንያን ኣኼራን)ገሊጾምሎም። ካብ'ቲ ጎይታ ዝኸልከሎ ካብ ዝብላዕን ዝስተይን ምውሳብን፡ ድማ ኣጠንቂቖሞም። ናብ'ቲ ቡሉጽ ዝኾነ ጠባያት መሪሖም፡ ካብ'ቲ ሕማቅ ጹሉእ ዝኾነ ጠባያት ድማ ከልኪሎም ኢዮም።[1]

## ኣየናይ ሃይማኖት ኢዩ ኣብ ቅድሚ ረቢ(ዓቢ ዝኾነ ክብረቱ) ቅቡል ዝኾነ?

ኣብ ቅድሚ ኣላህ ቅቡል ሃይማኖት ዝበሃል እስልምና እዩ። ከምኡ ውን ኩሎም ነብያት ዘማሓላለፍዎ( ዘብጽሑዎ) ሃይማኖት እዩ።ኣላህ ከኣ ኣብ መዓልቲ ቒያማ (ትንሳኤ) ማንም ሃይማኖት ከምዘይቅበልን፡ ብዘይካ ሃይማኖት እስልምና ዝኾነ ሃይማኖት ሰብ ዝኣምኖ ኩሉ ጌጋ እዩ።ዝኾነ ይኹን ንኻልእ ሃይማኖት ዝኣምን፡ሃይማኖቱ ኣይጠቅሞን

[1] ኣዱንያ (ምድረ ዓለም)፡ ኣኼራ (ምጽኣተ ዓለም) ማለት እዩ

እዩ፡ ብኣንጻሩ ኣብ ኣዱንያን ኣኼራን ሕማቕ መከራ የስዕበሉ።

## ናይ ሃይማኖት እስልምና መሰረታትን ዓንድታትን እንታይ ኢዮም?

ኣላህ ሃይማኖት እስልምና ንባሮቱ ቀሊል(ፎኪስ) ጌርሎም። ካብ'ቲ ዓንድታታ ናይ እስልምና እቲ ዝዓበየ፡ንኣላህ ፈጣሪን ኮስኳስን ተመላኽን ከምዝኾነ ክትኣምን፡ከምኡ'ዉን ብመልኣኽቱን ብመጽሓፍቱን ብልኡኻቱን ብመጻኢት ዓለምን ብጽሕፍቶን(ቀደር) ክትኣምን፡ብዘይካ ንኣላህ ንኻልእ ኣምልኾት ዝግቦኦ ጎይታ ከምዘየለን፡ብርግጽ ድማ ሙሓመድ ልኡኽ ናይ ኣላህ ምኻኑን ክትምስክር።፡ሰላት ክትሰግድ፡ዘካት ከተዉጽእ፡ወርሒ ረመዳን ክትጸዉም፡ ንኣላህ ኢልካ ናብ'ታ ካዕባ ትበሃል ኢብራሂምን_ሰላምታ ይብጻሓዮም_ ብታእዛዝ ናይ ረቢ ዝሰረሓ ክእለት እንተሎካ ናብኣ ኬድካ ሓጅ ክትገብርን ድማ ግቡእካ ይኸዉን። ካብ'ቲ ኣላህ ዝኸልከሎ ክትርሕቕ ከም ሽርኪን(ምስ ኣላህ መሻርኽቲ ክትገብር እንከሎኻ)፡ነብሰ ቅትለት፡ዙሙት፡ ገንዘብ ሓራም ምብላዕ፡ ብኣላህ ኣሚንካ እንተደኣ በተን ኩለን ዝተኣዘዝካየን ሰሪሕካ፡ ካብ'ተን ዝተኸልከልካየን ኩለን ዉን እንተተኸልኪልካ ንስኻ ኣብ ኣዱንያ ኣስላማይ ትበሃል፡ኣብ መጻኢት ዓለም ድማ ኣላህ ዘይዉዳእ ሽሻይን ዘልኣለማዊ ዝኾነ ህይወት ኣብ ጀና (ገነት) ይህበካ።

## እስልምና ን ፍሉይ ህዝቢ ወይ ዓሌት ዝምልከት ሃይማኖት ድዩ?

እስልምና ሃይማኖት ናይ ኣላህ ንኹሎም ደቂ ሰባት ኮይኑ፣ሓደ ካብ ሓደ ዝበልጽ የለን ብዘይካ ብ ፍርሒ ረብን ሰናይ ተግባርን፣ኩሉ ሰብ ድማ ኣብ እስልምና ማዕረ እዩ።

## ሰባት ሓቅነት ልኡኻት _ሰላትን ሰላምን ኣብ ልዕሊኦም ይኹን_ ከመይ ጌሮም ይፈልጡ?

ሰባት ሓቅነት ናይ ልኡኻት ብቡዙሕ መንገድታት ክፈልጡ ይኽእሉ:-

1ይ ንሳቶም ሒዘሞ ዝመጹ መምርሒ ሓቅን ንቐኑዕ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሰብ ኣእሙሮ ዝቕበሎን ኮይኑ፣ነቲ ጽቡቕ ብጽቡቕ ይምስክረሉ፣ከም'ቲ ሒዘሞ ዝመጾኡ ብዘይካ ልኡኻት ካልእ ከምኡ ከምጽእ ዝኽእል የለን።

እቶም ልኡኻት ዘምጽዎ ንኹሎም ሰባት ኣብ ሃይማኖቶምን መናባብሮኦምን ዝጠቅም ኮይኑ። ኣብ ጉዳዮም የስተኻኽለሎምን ከምኡ ውን ኣብ ህንጸት ስልጣነኦምን፣ ንሃማኖቶምን ኣእሙሮኦምን ገንዘቦምን ክብረቶምን ድማ ይዕቅበሎም።

ብርግጽ እቶም ሉኡኻት_ሰላምታ ይኹኖም_ ናይ'ቲ ናብ ቕኑዕ መንገዲ ዝመርሕዎ ካብ ሰባት ክፍሊት ወይ ዓስቦም ኣይሓቱን እዮም፣ግን ክፍሊት ዓስቦም ካብ ረቦም እዮም ዝጽበይዎ።

ኩሎም እቶም ልኡኻት ሒዞሞ ዝመጹ መልእኽቲ ሩጉጽ

ሓቂን ጥርጥር ዘይብሉን ኮይኑ፡ዘይጋራጨዉን ዘይዛናበልን ድማ ኢዩ። ነፍሲ ወከፍ ነቢይ ነቶም ዝሓለፉ ነብያት የረጋግጽን ከምቲ ዝጸውዑዎን ካኣ ይጽውዕ።።።

ኣላህ ነቶም ልኡኻት ብግሉጽ ዝኾነ ተኣምራት የሰንዮምን ይድግፎም ኢዩ፡እቲ ዝህቦም ተኣምራት ዉን ንዐኦም ኣቕሊሉ ነቲ ዝኽሕድ ግን በዳሂ ከምዝኸኖ ጌርሎም።እቲ ተኣምራት ነቶም ልኡኻት ካብ ኣላህ ከምዝተለኣኹ መረጋገጺ ይኾኖም።ካብ'ቲ ተኣምራታት ናይ ነብያት እቲ ዝዓበየ ተኣምራት ናይ መወዳእታ ልኡኽ ሙሓመድ _ሰላምታ ይኹኖም_ክኸዉን እንከሎ፡ንሱ ኸኣ ኣልቑርኣን ኣልከሪም እዩ።

## ኣልቑርኣን ኣልከሪም'ከ እንታይ ኢዩ?

ኣልቑርኣን ኣልከሪም ማለት መጽሓፍ ናይ'ቲ ጎይታ ኩለን ዓለማት ዝኾነ ኣላህ ኮይኑ፡ከምኡ'ዉን ዘረባ(ቃል)ናይ ኣላህ ኢዩ።መልኣኽ ጂብሪል(ገብሪኤል)_ሰላምታ ይኹኖ_ካብ ኣላህ ተላኢኹ ናብ ልኡኽ ሙሓመድ ሒዝዎ ዝወረደ ኢዩ።ካብ'ቲ ትሕዝትኡ ድማ ኩሉ ኣላህ ንደቂ ሰባት ክፈልጥዎ ዘለዎም ነገራት ብዛዕባ ኣላህን መልኣኽቱን፡ መጻሕፍቱን ልኡኻቱን ከምኡ'ዉን ብዛዕባ መጻኢት ዓለምን ኣብ ጽሕፍቶ(ቀደር) ኣስፈርዎ ዘሎ ኩሉ ጹቡቕን ሕማቕን ዘጠቓለለ እዩ። ካብ'ቲ ትሕዝትኡ ዉን ንኽትፍጽሞ ግዴታ ዝኾነካ ዓይነታት ኣምልኾት ተዘኪሩ ኣሎ፡ከምኡ'ዉን ካብ'ቲ ክውገድ ዘለዎ ክልከላታት ሓራም ዝኾነ ተግባራት ክትክልከሎ ዝግባእ ዉን

የጠንቅቐካ፣ጽቡኞን ዝውቀስን ስነ-ምግባር ይኹን ንደቂ ሰባት ኣብ ሃይማነቶምን ህይወቶምን ድሕሪ ሞቶምን ንዘጋጥሞም ነገራት ዉን የጠቓልል።እዚ መጽሓፍ እዚ ድማ ታኣምራዊ መጽሓፍ ኮይኑ ኣላህ ንደቂ ሰባት ከምኡ ልክዕ መጽሓፍ ከምጽኡ ከምዘይክእሉ በዲህዎም ኢዩ።ክሳብ ትንሳኤ ማዓልቲ በታ ቋንቋ ዝወረደላ ወላሓደ ፊደል ከይጎደለን ከይተቀየረን ኣላህ ባዕሉ ዓቂብዎን ሓሊዎን ይርከብ።

## ሰብ ካብ ሞት ከም ዝትስእን ከምዝሕሰብን(ከምዝፍረድን) እንታይ መርትዖ ኣሎ?

ኣይትርእይ ዲኻ ዘለኻ መሬት ዝሞተት ህይወት ዘይብላ ማይ ምስ ወቀዓ ህይወት መሊሳ በብዓይነቱ ዝኾነ ደስ ዝብለካ ተኽሊ ተዉጽእ፡ ብርግጽ እቲ ንዓኣ ሂወት ዝመለሰላ ንሱ ድማ ሂወት ናይ ምዉታት ክመልስ ይኽእል እዩ። ብርግጽ እቲ ን ወዲ ሰብ ካብ ትሑት ዝኾነ ፈሳሲ  ዘርኢ ወዲ ተባዕታይን ጓል ኣንስተይትን ዝፈጠረ፡ምስ ሞተ ኣብ ትንሳኤ መዓልቲ ካብ ሞቱ ኣተንሲኡ በቲ ተግባራቱ ጹቡቕ እንተሰሪሑ ጽቡቕ ምሉእ ጉደሎ ዘይብሉ፡ ሕማቕ እንተሰሪሑ ድማ  ሕማቕ ከምዝፈርዶን  ክኢላ እዩ። ከምኡ'ዉን እቲ ሰማያትን መሬትን ከዋኽብትን ዝፈጠረ ንወዲ ሰብ ካልኣይ ግዜ ደጊሙ ክፈጥሮ ይኽእል ኢዩ።ምኽንያቱ ወዲ ሰብ ካብ'ቲ መጀመርያ ምፍጣር ዳግማይ ካልኣይ ግዜ ክፍጠር እንከሎ ካብ ሰማያትን መሬትን ምፍጣር ስለ ዝቀልል። (እዚ ድማ በቲ

ኣረኣእያ ናትና ደቂ ሰባት ክኸዉን ከሎ እምበር ንኣላህ ኩሉ ቀሊል ኢዩ ክኢላ ስለዝኾነ)።

## ኣብ (ቑያማ) ትንሳኤ መዓልቲ እንታይ ኢዩ ዘጋጥም?

ረቢ _ዓቢን ክቡርን ዝኾነ_ ንፍጡራት ካብ ቀብሮም ኣተንሲኡ በቲ ዝገበርዎ ተግባራት ምስ ፈረዶም፡ብድሕሪኡ ነቶም ብልኡኻት ዝኣመኑ ጀና (ገነት)ኣእትዩ ኣብ'ቲ ቀጻሊ ዘየቋርጽ ሽሻይ ዘለዎ ምሒር ኣገራሚ ምኻኑ ወላ ዉን ብሓሳብካ ክትግምቶ ዘይትኽእል ናብራ የንብሮም።ነቶም ብልኡኻት ዝኸሓዱ ድማ ኣላህ ናብ ሓዊ ገሃነም ዘልኣለማዊት መራር ዝኾነት ወላ ክትግምቶ ዘይትኽእል መቕጻዕቲ የእትዎም፡ሰብ ኣብ ጀና ወይ ሓዊ ገሃነም ምስዝኣቱ ከይሞተ ወይ ኣብ ጥዑም ሽሻይ ወይ ኣብ መሪር መቕጻዕቲ ንዘልኣለም ይነብር።

## ሓደ ሰብ ናብ እስልምና ክኣቱ እንተዳኣ ደልዩ እንታይ ይገብር፡ ፍሉይ ዝኾነ ተግባር ናይ ግድን ክገብሮ ዘለዎ ነገራት'ከ ኣለዎ'ዶ?ወይ ዝኾነ ወድ ሰብ ከፍቅደሉ ይግባእ ዝብል ኣሎ'ዶ ንዝብል ሕቶ?

ሓደ ሰብ ብርግጽ እስልምና ሓቀኛ ሃይማኖት ከምዝኾነ፡ንሱ ድማ ሃይማኖት ናይ'ቲ ጎይታ ኩለን ዓለማት ኢዩ ኢሉ እንድሕር ፈሊጡ፡ተቐላጢፉ ናብ እስልምና ክኣቱ ይግባእ።ምኽንያቱ ሓደ ኣእሙሮ ዘለዎ ሰብ ሓቂ እንተዳኣ

ተገሊጽሉ ድሕርሕር ከይበለ ናብኡ ክጓየ ጥራይ ኢዩ ዘለዎ። ናብ እስልምና ክኣቱ ዝደለየ ሰብ ድማ ዝኾነ ዓይነት ፍልይ ዝበለ ተግባራት ክገብርን፡ ከምኡ'ዉን ኣብ ቅድሚ ሓደ ፍጡር ኮይኑ ክምስክርን ኣይግደድን እዩ።ግን እንድሕር ኣብ ቅድሚ ሓደ ኣስላማይ ወይ ኣብ ፍሉይ ቤት እስላም እንተኾይኑ ዝበለጸ ይኸዉን፡እንተዘይኮይኑ ግን ከምዚ ዝስዕብ ምባል ይኣኽሎ እዩ።ንሱ ድማ፡-(ኣሽሃዱ ኣላኢላሃ ኢለላህ ወኣሽሃዱ ኣነ ሙሓመደን ረሱሉላህ)ትርጉማ ድማ፡-እምስክር ኣለኹ ብዘይካ ኣላህ ካልእ ብሓቂ ኣምልኾት ዝግበኦ ከምዘየለን፡ ከምኡ'ዉን ሙሓመድ ናይ ኣላህ ልኡኽ ምኻኑ እምስክር)፡ ነዚኣ ትርጉማ ፈሊጡ ብኣኣ ምስ ዝኣምን፡በዚ ኣገባብ ሙስሊም ተባሂሉ ይጽዋዕ።ብድሕሪኡ ዝተረፈ ሕግታት ናይ እስልምና በብቑሩብ እናተመሃረ ይከይድ፡በዚ ዓይነት ኣገባብ ድማ እቲ ኣላህ ኣብ ልዕሊኡ ዝኣዘዞ ብትኽክል ከተግብሮ ይኽእል።

❊❊❊

# ዝርዝር ትሕዝቶ

እስልምና ናይ ኣላህ ጎይታ ዓለማት ዝኾነ ሃይማኖት ኢዩ። ................ 2

መን'ዩ ጎይታኻ?........................................................................ 2

እቲ መግለጺታት ናይ'ቲ ጎይታ ኩለን ዓለማት ዝኾነ እንታይ ኢዩ? ... 3

እንታይ እዩ ግቡእ ናይ ረብና(ጐዮታና) ካባና ዝደልዮ?....................... 4

ጉይታ ክገብሮ ዘለዎ ግቡእ ናይ ደቂ ሰብ እንታይ ኢዩ?...................... 4

ዕላማ ናይ ህላዌና እንታይ እዩ ? ስለምንታይ ከ ተፈጢርና?............. 5

ከመይ ጌርና ኢና ን(ጎይታና)ረብና እንግዘኦ? ..................................... 5

ኣየናይ ሃይማኖት ኢዩ ኣብ ቅድሚ ረቢ(ዓቢ ዝኾነ ክብረቱ) ቅቡል ዝኾነ?........................................................................................... 6

ናይ ሃይማኖት እስልምና መሰረታትን ዓንድታትን እንታይ ኢዮም?7

እስልምና ን ፍሉይ ህዝቢ ወይ ዓሌት ዝምልከት ሃይማኖት ድዩ?..... 8

ሰባት ሓቅነት ልኡኻት _ሰላትን ሰላምን ኣብ ልዕሊኦም ይኹን_ ከመይ ጌሮም ይፈልጡ?........................................................................... 8

ኣልቑርኣን ኣልከሪም'ከ እንታይ ኢዩ?.............................................. 9

ሰብ ካብ ሞት ከም ዝትስእን ከምዝሕሰብን(ከምዝፍረድን) እንታይ መርትዖ ኣሎ?..................................................................................... 10

ኣብ (ቂያማ) ትንሳኤ መዓልቲ እንታይ ኢዩ ዘጋጥም? ..................... 11

ሓደ ሰብ ናብ እስልምና ክኣቱ እንተዳኣ ደልዩ እንታይ ይገብር፡ ፍሉይ ዝኾነ ተግባር ናይ ግድን ክገብሮ ዘለዎ ነገራት'ከ ኣለዎ'ዶ?ወይ ዝኾነ ወድ ሰብ ከፍቅደሉ ይግባእ ዝብል ኣሎ'ዶ ንዝብል ሕቶ?................................ 11

❇❇❇

ti370v1.0 - 26/09/2026

جمعية خدمة المحتوى
الإسلامي باللغات

بيان الإسلام
Islam Made Clear